# ካብ ፈተና ክርስቶስን ሰዓብቱን እንታይ ንመሃር? ስለምንታይ እዩ እግዚኣብሄር ብፈተና ክንሓልፍ ዝደልየና?

ቀሺ ዲበ ገ/ወልድ
ቤተ ክርስትያን ቅድስት ማርያም
በይ ኤርያ ካሊፎርንያ

10 ሓምለ 2008

# ፈተና  እንታይ እዩ?

1. ፈተና  ኣንጻር እቲ ብልብኻ ዝኣመንካሉ ቅኑዕ ነገር ብባህግን ስስዐን ተሓቢልካ ጌጋ ወይ ሓጢኣት ምፍጻም ማለት እዩ።ያዕ 1፥14, ዘፍ 3፤6
2. ፈተና ናብ ዓስቢ ዓወት ዘሰጋግር መዐቀኒ ወይ መምዘኒ እዩ። ዘፍ 22፤1, ኢዮ 11፤17-19,5፤17-19
3. ፈተና ናብ ጥፍኣት ዝመርሕ ጎደና ጥፍኣት እዩ።

   ኤሳው,ይሁዳ ኣስቆረታዊ, ሓናንያን ሰጲራን።

# ፈተና ኣብ ክልተ ይኽፈል

ብገዛእ ትምኒትካ ተሳሒብካን ተሓቢልካን እትፍተኖ ፈተና

መወዳእትኡ ግና ጥፍኣት

ስለ እምነትካ ዝበጽሓካ መከራን ፈተናን (ብሰንኪ እምነትካ እትፍተኖ ፈተና)

መወዳእትኡ ድማ ናብ ዓወት ዘሰጋግር መስርሕ

## ፈትና ካበይ ይመጽእ? ያዕ፣ 1፣14,ማቴ 22፡18

- ካብ ገዛእ ድሌትናን ሓሳብና እዩ ዝመርጽ።
- ነፍስ ወከፍ ግና ብገዛእ ትምኒቱ ተስሒቡን ተሓቢሉን እዩ ዝፍተን። ያዕ

## ብኸመይ እዩኸ ዝፍጸም ? 1 ዮሓ 2፣16, ኢያ 7፣21

- ነዞም ንዓለም ከም መፈንጥራ ሓኒቆማ ዝነብሩ ነገራት ብዘይ ምምላኽና።
- ኲሉ እቲ ኣብ ዓለም ዘሎ፣ ፍትወት ስጋን፣ ፍትወት ኣዒንትን ንብረት ትዕቢትን፣ እዚ ካብ ዓለም እዩ እምበር። ካብ ኣቦስ ኣይኮነን።

# ጠንቂ (ሱር) ኩሉ ፈተና

1. **ፍቕሪ ገንዘብ፣** ይኣኽለኒ ዘይምባል (1ጢሞ 6፡6,10) ።
2. **ስስዔ፣** ዘይተወሃበካ ምድላይ ( ዘፍ 25፡30-33)
3. **ትዕቢት፣** ኣምላኽነት ምድላይ ( ዘፍ 3፡4-5,ማቴ4:9) ።

# ጠንቂ (ሱር) ኩሉ ፈተና

1. **ፍቕሪ ገንዘብ**

 ኣምልኾ ምስ የኣኽለኒ ምባል ዓብይ ረብሓ እዩ። እቲ ፍቕሪ ገንዘብሲ ሱር ኩሉ ክፍኣት እዩ እሞ፣ ገሊኦም ንዕኡ እንዳ ተመጣጠሩ ካብ እምነት ዘምበሉ፣ ናብ ርእሶም ውን ብዙሕ ስቃይ ኣምጽኡ። 1ጢሞ 6፣6,10,ሉቃ 22፣3

# ጠንቂ (ሱር) ኩሉ ፈተና

## 2. ስስዐ፣ ዘይተወሃበካ ምድላይ።

እታ መዓልቲ እቲኣ ኣብ ኩላ ዝባን ምድሪ ንዝነብሩ ዘበሉ ከም መፈንጥራ ክትበጽሖም እያ እሞ፣ ስስዓን ስኽራንን ሓልዮት ሓዳርን ንልብኹም ከይከብድ፣ እታ መዓልቲ እቲኣ ብድንገት ከይትመጽኩምሲ ንነፍስኹም ተጠንቀቑ።ሉቃ 21፣34,ዘፍ 25፣30-33 ኢያ 7፣21

# ጠንቂ (ሱር) ኩሉ ፈተና

## 3.ትዕቢት፣ ኣምላኽነት ምድላይ።

እቲ ተመን ድማ ነታ ሰበይቲ፣ ኣይፋልኩምን፣ ኣምላኽ ደኣ ካብኡ ምስ እትበልዕ መዓልቲ፣ ኣዒንትኹም ከም ዝኽፈታ፣ ከም ኣምላኽውን ከም እትኾኑ፣ ጽቡቕን ክፉዕን ከም እትፈልጡ፣ ስለዝፈለጠ እዩ እምበር፣ ከቶ ኣይትሞቱን ኢኹም በላ።ዘፍ 3፣ 4-5

# ካብ ፈተና ክርስቶስን ሰዓብቲቱን እንታይ ንመሃር?

* ጾምን **ጸሎት ።**

እስመ ዝንቱ ዘመድ ኢይወጽእ ዘእንበለ በጾም ወጸሎት፣ ከም ዝበለ ኣምላኽና። ማቴ 17፣21, ሉቃ 22።46

መጽሓፈ መነኮሳት ከምዚ ይብል

“እስመ ጾም እማ ለጸሎት ወእህታ ለኣርምሞት” “ጾም ንትዕግስቲ ሓፍታ፣ ንጸሎት ከኣ ኣዲኣ”

**ቃል ኣምላኽ ክልተ ዝኣፉ ሰይፊ ምኻኑ።**

ቃል ኣምላኽ ሕያውን መስለጥን እዩ እሞ፣ካብ ክልተ ዝኣፈ ዝበልሕ እዩ፣ ነፍስን መንፈስን፣ መፈላልዮ ኣካላትን ኣንጉዕን ክሳዕ ዝፈላሊ ዚሰጥም፣ ኣብ ምሕሳልንን ሓሳብ ልብን ከኣ ዝፈርድ እዩ። ዕብ 4፣12

# ይቕረታን ድንጋጸን ንመሃር

- ሉቃስ ዝገብርዎ ኣይፈልጡን እዮም እሞ ሕደገሎም። ሉቃ 23፣34
- ንስኻትኩም ንኽፉኣይ ሓሰብኩም። እግዚኣብሄር ግና ከምዚ ሎሚ ኮይኑ ዘሎ ክገብር ብዙህ ህዝቢ ምእንቲኪድሕን ጽቡቕ ሓሰበ።

# ካብ ፈተና ክርስቶስን ሰዓብቲቱን እንታይ ንመሃር?

## ትዕግስቲ ንመሃር።

ኣቱም ኣሕዋተይ፣ ነቶም ብስም እግዚኣብሄር ዝተዛረቡ ነብያት፣ ኣርኣያን ሓሳረ መከራን ትዕግስትን ግበርዎም።

ያዕ 5፣10, ማቴ 4፣4

እንሆ፣ ነቶም ዝተዓገሱ ብጹዓን ንብሎም ኢልና። ብዛዕባ ትዕግስቲ ኢዮብ ሰሚዕኩም ኣሎኹም፣ እግዚኣብሄር ከኣ ብዙሕ ለውሃቲን ደንጋጽን እዩ እሞ፣ ነቲ እግዚኣብሄር ዝገበረሉ መወዳእታ ኢርኹምዎ ኣለኹም።

ያዕ 5፣11

# ስለምንታይ እዩ እግዚኣብሄር ብፈተና ክንሓልፍ ዝደልየና?

1. ብፈተና ብዙሕ ክንመሃርን ዕብየቱ ንክነስተውዕልን።
2. እምነት ማዕረ ክንደይ ዓቢ ምዃኑ ንኽነስተውዕል።
3. ነቲ ሰብ ክጸሮ ዘይክእል ፈተናኡ ከነስተውዕሎን ክንሓብሮን። 1ጴጥ 4፣12-13
4. ሓሳባት ሰብን እግዚኣብሄርን በበይኑ ምዃኑ ንኽነስተውዕል። ኢሳ 55፣8-9, ዘፍ 50፣20
5. ንፈተና መሊክና ዝርከብ ህይወት ዝበለጸን ዝዓዘዘን ስለዝኮነ። ኢዮ11።17-19
6. ድህሪ ፈተና ዝርከብ ሕይወት ዝበለጸን ዝዓዘዘን ስለዝኮነ
7. ፈተና መምዘኒ እምነትና ዝለዝኾ።
8. ፈተና ካብ ክብሪ ናብ ክብሪ ዘሰጋግር መድረኽ ምዃኑ ንመሃር

1. **ብፈተና ብዙሕ ክንመሃርን ዕብየቱ ንኽነስተውዕልን ።**

ኩሉ ጥበብ ካብ እግዚኣብሄር እዩ ዝመጽእ፣ ኩሉ ጥበብ ከኣ ምስኡ እዩ ዝነብር። ነቲ ኣብ ወሰን ባሕሪ ዘሎ ሑጻ ወይ ነጠብጣብ ዝናብ ወይ ንናይ ዘለዓለም መዓልትታት ክጸውር ዝኽእል መን እዩ። ቁመት ሰማይ፣ ስፍሓት ምድሪ፣ መዓሙቅ ባሕሪ፣ ዕምቈት ጥበብ፣ ክንደይ ከም ዝኾነ ዝፈልጥ መን እዩ። መበቆል ጥበብ ካብ ላዕለዋይ ሰማይ፣ ቃል ኣምላኽ እዩ። ሲራ 2፣1-5

2. **ነቲ ዓለም ክትጸሮ ዘይትኽእል ፈተናኡ ክንሓብሮን ከነስተውዕሎን።**

ኣቱም ፍቁራተይ ከም ሓዊ ዝባልዕ ፈተና ክረኽበኩም ኮሎ፣ ሓደ ሓድሽ ነገር ከም ዝበጽሓኩም ኴንኩም ኣይትገረሙ። ንሱ ብግርማ ክግለጽ ኮሎ ኣዝዩ ባሕ ክብለኩም እዩ እሞ ኣብ ስቃይ ክርስቶስ ክትካፈሉ ኮለኹም ተሓጎሱ። 1ጴጥ 4፣12-13

3. **ሓሳባት እግዚኣብሄርን ሰብን ከነስተውዕል።**

ንስኻትኩም ንኽፉኤይ ሓሰብኩም እግዚኣብሄር ግና ከምዚ ሎሚ ኮይኑ ዘሎ፣ ክገብር ብፉሕ ህዝቢ ምእንቲ ከድሕን፣ ጽቡቅ ሓሰበ።

ዘፍ 50፣20, ኢሳ 55፣8-9

4 **ንፈተና መሊክና እንርኽቦ ህይወት ዝበለጸን ዝዓዘዘን ስለዝኮነ**

እቲ ብግዜ ፈተና ዝዕገስ፣ ሰብኣይ ብጹእ እዩ፣ ከመይ ተፈቲኑ ምስ ወጸ ኣኽሊል ህይወት ክቅበል እዩ።

ያዕ 1፣12, ኢዮ 11፣17-19

ደጊም እቲ ቅኑዕ ፈራዲ ዝኾነ ጐይታ በታ መዓልቲ እቲኣ ዝህበኒ ኣኽሊል ጽድቂ ተነቢሩለይ ኣሎ። እዚ ድማ ነቶም ንምግላጹ ሃረር ዝብሉ እምበር ነዓይ ጥራይ ኣይኮነን። 1ጢሞ 4፣8

# 5. ድህሪ ፈተና ዝርከብ ህይወት ዝበለጸን ዝኸበርን ስለስኾነ

- ህይወትካ ካብ ጸሓይ ቀትሪ በሊጻ ክትበርህ እያ፣ ተስፋ ስለ ዘሎ ብህድኣት ክትነብር ብኻ፣ እቲ ኣዝዩ ዝጸልመተ ህይወት ከኣ ከም ወጋሕታ ብገግታ ብጊሓት ክኸውን እዩ፣ ዜፍርሕ ዘይብልካ ኣስተርሒካ ክትነብር ኢካ፣ ብሁሓትውን ሓገዝካ ክደልዩ እዮም። ኢዮ 11፣11-19

7. ካብ ክብሪ ናብ ክብሪ ዘሰጋግር መድረክ ምኳኑ ንመሃር።

ድሕርዚ እቲ ንጉስ ንሲድራቅን፣ ሚሳቅን ኣብደናጎን ኣብ ኣውራጃ ባቢሎን ጸምም። ዳን 3።30